
ነጻ ሕክምና ሰኒ፣ መርመራ ዓይኒን ሕክምናዊ ክንክንን

SEATTLE/KING COUNTY CLINIC

ሚያዝያ 29 – ግንቦት 2፣ 2027 ኣብ Seattle Center







ብዛዕባ እቲ ክሊኒክ

- **ውሱን ቁጽሪ ናይ መእተዊ ትኬት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ይርከብ፣** ሰዓት 5:30 AM ኣብ Fisher Pavilion ኣብ Seattle Center (200 Thomas St) ይዕደል
- ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልቲኡ ናይ ሕክምና ሰኒን መርመራ ዓይኒን ክንክን ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም
- ቆጸራ ወይ ኣቐዲምካ ምዝገባ የለን – **ቐዲሙ ዝመጸ፣ ቐዲሙ ይግልገል**
- ሕማም ይሰምዓኩም እንተሃልዩ**ኣይ** ትሳተፉ
- ተርጎምቲ ኣለዉ እዮም
- ነጻ ደው መበሊ መካይን Mercer St. Garage (650 3rd Ave N)
- **ንነዊሕ መዓልቲ መግቢ፣ ምቹው ክዳንን ዝኾነ መዓልታዊ መድሓኒትን ሒዝኩም ተዳሊኹም ምጹ**

ኩልኹም እንኳዕ ብደሓን መጻኩም!

- ንዝኾነ ንዝተጸገመ ሰብ ክንክን ጥዕና ንምርካብን/ወይ ንምኽፋልን ዝቃለስ
- ተሓኪምቲ መለለዪ መንነት ኩነ ዝኾነ ዓይነት ሰነድ ኣየድልዮምን
- ሕሙማት ነበርቲ Seattle ወይ King County ክኾኑ ኣየድልዮምን

ኩሉ ኣገልግሎታት ብነጻ እዩ

ሕክምና ሰኒ:- ንቓንዛ ወይ ሰእነት ምቾት፣ ንዝተፈልጠ ወይ ዝጥርጠር ጉርጓሓት ኣሰናን፣ ንዝሓበጠ ግርጻንን ንዝተሰብረ ሰኒን ዝኽውን ህክምና።

መርመራ ዓይኒ:- ናይ ምርኣይ መርመራ፣ ምሉእ ናይ ዓይኒ ፈተና፣ ከምኡ'ውን ብሓኪም ዝተኣዘዘ መነጽር። መርመራ ዓይኒ ንዘይምግባርን መነጽር ዓይኒ ንምርካብን ናይ ቀረባ እዋን ትእዛዝ መነጽር ዓይኒ (ካብ ክልተ ዓመት ዘይሃሓልፈ) ሒዝኩም ምጹ።

ሕክምና:- መባእታዊ ክንክን፡ መርመራታት ላቦራቶሪ፣ ማሞግራም፣ ኣልትራሳውንድ፣ ራጂ፣ ኽታበት፣ ናይ ቁርበት ሕክምና፣ ክንክን እግሪ፣ ኣካላዊን ቴራፒ፣ ኣኩፓንክቸር፣ ሰነ-ምግቢ፣ ባህሪያዊ ጥዕናን ካልኦትን ምረጹ።

ጸጋታት:- ማሕበራዊ ሰራሕ፣ ሓገዝ ካብ መድሕን ጥዕናን ካልኦትን።

መርበብ ሓበሬታ:-
seattlecenter.org/patients

ኢመይል:-
SKCClinic@seattlecenter.org

ስልኪ:-
206.684.7200

ንዝያዳ ሓበሬታ

(ልዕሊ)



ከመይ ጌረ ናብ ክሊኒክ እኣትው?

- ኣብ Fisher Pavilion ኣብ Seattle Center ትኪት ውሰድ። Fisher Pavilion ብኣግኡ ንዝመጹ ሕሙማት መዓልታዊ ሰዓት 12:30 AM ይኽፈት (ንካርታን ዝርዝርን ኣብ መርበብ ሓበሬታ seattlecenter.org/patients ዝብል ተወከስ)።
- ቅድሚ ምእታው፣ ሕሙማትን ኣጋይሾምን መርመራ ጥዕና ጌሮም ክሓልፉ እዮም። ጉንፋዕ ወይ ኮቪድ ዝመስል ምልክታት ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ናብ ሕክምና ኣይኣቱን እዩ።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ካብ ሰዓት 5:30 AM ጀሚሩ ውሱን ቁጽሪ ትኪት ክወሃብ እዩ። እቲ ትኪት ነታ መዓልቲ ጥራሕ እዩ ዘገልግል። ንሓደ ሰብ ሓንቲ ትኪት።
- ሕሙማት ብቀደም ተኸተል ቁጽሪ ናይ ትኪት ናብቲ ክሊኒክ ክኣትዉ እዮም።



ንክሊኒክ ብኸመይ ክዳሎ ኣለኒ?

- **እዚ ነዊሕ መዓልቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንነብሰኹም ክትከናኸኑ ተዳሊኹም ምጹ።**
- ሕማም ይስመዓኩም እንተሃልዩ**ኣይ** ትሳተፉ።
- ኣብ ምሉእ መዓልቲ ዘድልየኩም መግቢ፣ መሰተ፣ ከምኡ’ውን ዝኾነ ዘድልየኩም መድሓኒት ሒዝኩም ምጹ።
- ናብ ናይ ቤተ-ፈተነ መርመራታት ጸምኩም**ኣይ** ትምጹ።
- ክንክን ሰኒ ንምርካብ፣ ንውሕስነትኩም ዝኸውን ጸቕጢ ደምን ግሉኮሰን ኣብ ዝተወሰነ ደረት ክህልወኩም ኣለዎ።
- ምቹው ክዳን ተኸደኑ።
- እንሰሳ ዘቤት ዝሰልጠኑ ናይ ኣገልግሎት እንሰሳታት እንተዘይኮይኖም ሒዝካ ምምጻእ ኣይፍቀድን እዩ።
- ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዩ ንሓደ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ተሓካሚ ከሰንዮ ኣለዎ። ዕድሚኡም ካብ 13 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ኣንኣሽቱ መንእሰያት ምስ ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዩ ርክብ ዘይብሎም ሕድገታት ክግበረሎም ይኽእል እዩ። ንህጻናት ክንክን ንምሃብ ክኢላታት ሕክምና ናይ ህጻናት ዘይክህልዉ ይክእሉ እዮም።



ብቋንቋይ ዝዛረበኒ ዝኾነ ሰብ ክህሉ ድዩ?

- ኣብ መላእ እቲ ክሊኒክ ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ክህሉ እዩ።



ናብ ክሊኒክ ምስ ኣተኹ እንታይ እዩ ዘጋጥም?

- ኣዝዩ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎም ሕሙማት ክህልዉ እዮም። **ኣብ ሓደ መዓልቲ ኩሉ ዝደለኽምዎ ወይ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ትኾኑ።** ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልቲኡ ናይ ሕክምና ሰኒን መርመራ ዓይነን ክንክን ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም።
- ሕሙማት ንተወሳኺ ኣገልግሎት ኣብ ካልእ መዓልቲ መእተዊ ዝኸውን ትኪት ንምርካብ ኣብ መሰርዕ ክጽበዩ ይኽእሉ።
- ንክሊኒክ ዝኸውን መሕለፊ ክወሃበኩም እዩ። እዚ መሕለፊ እዚ ኣብታ መዓልቲ ጥራሕ ካብቲ ክሊኒክ ክትወጽኡን ዳግማይ ክትኣትዉን የኽእለኩም።
- ሸም፣ ዕድመ፣ ከምኡ’ውን ውጽኢት ቤተ-ፈተነን/ወይ ዝተዛዘመ መነጽራት ዓይንን ክንሰደልኩም ንኽእል ናይ ፖስታ ኣድራሻ ዘጠቓለለ መሰረታዊ ውልቃዊ ሓበሬታ ክንእክብ ኣና።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣገልግሎት ከባቢ (ሕክምና ሰኒ፣ መርመራ ዓይኒ ወይ ሕክምና) ተራኹም ኣብ መሰርዕ ክትጽበዩ ኢኹም፣ ብመሰረት ቀዳማይ ዝመጸ፣ ቀዳማይ ይግልገል (ብመሰረት መበቆላዊ ቁጽሪ ትኬትካ ዘይኮነ) ድማ ክትረእዩ ኢኹም።
- ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ መሰርዕ ኮይንኩም ሪጋ ትጽበዩ እንተሃሊኹምን ካብ ቦታኹም ንነዊሕ እዋን እንተወጺእኩምን ኣብ መሰርዕ ዘለኩም ቦታ ክትሰእኑ ኢኹም፣ ምስ ተመለስኩም ድማ ናብ መወዳእታ መሰመር ክትከይዱ ከድልየኩም እዩ።

እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት እዩ ዘይወሃብ?

ሕክምና ሰኒ፦ ድልድላት፣ ዝተሓላለኸ ምውጻእ ሰኒ ጥበብ ሓዊሱ፣ ኣሰናን፣ ምትካል ሰኒ፣ ምትዕርራይ ሰኒ፣ ሱር መሰመር ኣብ ቆሎ ሰኒ፣ ዘህድእ ፈውሲ፣ ምጽራይ ወይ ምጽዕዳው ኣሰናን።

ሕክምና፦ ባዮፕሲታት፣ ቅብኣታት፣ ሲቲ ስካን፣ ስቲች/ስዩሰ፣ ክታበት ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፣ ኤም.ኣር.ኣይ፣ ሓድሽ ናይ መድሓኒት መምርሒታት።

መርመራ ዓይኒ፦ ተላገብቲ ብሌናት፣ መነጽር ናይ ብርሃን ጸሓይ።

ኦፒዮይድስ ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕሉን ወይ እይክእዘዙን እዮም።

PARTNERS INCLUDE

AMN Healthcare · Arcora Foundation · Auston James Photography · Climate Pledge Arena · Dentsply Sirona
Ellison Foundation · Fred Hutchinson Cancer Center · Grousemont Foundation · Henry Schein · Kaiser Permanente
Lucky Seven Foundation · OneSight EssilorLuxottica Foundation · Philips Healthcare · Project Access Northwest
Public Health – Seattle & King County · Quest Diagnostics · Seattle Center · Seattle Center Foundation
Seattle Department of Neighborhoods · Seattle Information Technology · Seattle Office of Immigrant & Refugee Affairs
Snohomish County Dental Society · Underwood Gartland Development · UW School of Dentistry
Vitalogy Foundation · WA Academy of Eye Physicians and Surgeons · WA Healthcare Access Alliance
WA State Dental Association · WA State Department of Health · WRM Family Foundation